Ressources chrétiennes

# Le Symbole de Nicée en langue tigrigna

ሰማይን ምድርን ዝርአን ዘይርአን ዝፈጠረ፡ ኩሉ ብዝሓዘ ብሓደ እግዚኣብሔር ኣቦ ንኣምን። ዓለም ከይተፈጥረ ምስኡ ህልው ብዝኾነ፡ ብሓደ ወዱ ንኣቦ፡ ብጐይታና ብኢየሱስ ክርስቶስ ንኣምን። ንሱ ብርሃን እንካብ ብርሃን፡ ሑነተኛ ኣምላኽ እንካብ ሑነተኛ ኣምላኽ ዝተወልደ እምበር፡ ዘይተፈጥረ። ብመለኮቱ ምስ ኣቦ ትኽክል ዝኾነ፡ ብዘይ ብኣኡ ኣብ ሰማይ ኮነ ኣብ ምድሪ ሓደ ነገር እኳ ዝኾነ ዘየልቦ። ምእንታና ምእንቲ ድኅነት ሰበ እንካብ ሰማይ ዝወረደ፡ ብናይ መንፈስ ቅዱስ ስራሕ፡ እንካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ሥጋ ለቢሱ ሰብ ኮነ። ብዘመን ጲላጦስ ጴንጠናዊ ምእንታና ተሰቕለ፡ ተሣቐየ ሞተ፡ ተቐብረ። ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከምዝተጻሕፈውን፡ ብሣልሳይ መዓልቲ እንካብ ሞት ተንሥአ፡ ብኽብሪ ናብ ሰማይ ዓረገ፡ ኣብ የማን ኣብኡ ተቐመጠ፡ እንደገና ሕያዋንን ሙታንን ኪፈርድ ብኽብሪ ኪመጽእ እዩ፡ መንግሥቱውን መወዳእታ የብሉን። ካብ ኣብን (ካብ ወልድን) ዚሰረጽ፡ ብመድኃኒ ጐይታ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ንኣምን። ብኣፍ ነብያታ ንዝተናገረ፡ ንኣኡውን ምስ ኣቦን ወልድን ንሰግደሉን ነመስግኖን። ኣብ ኩሉ ቦታ እትርከብ ናይ ሓዋርያት ጉባኤ ብዝኾነት፡ ብሓንቲ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ንኣምን። ንሥሬት ኃጢኣት ብዝተሰርዐት ብሓንቲ ጥምቐት ንኣምን። ብትንሣኤ ሙታንን፡ ብዚመጽእ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ተስፋ ንገብር። ኣሜን።

---

Reproduit avec l'aimable autorisation de l'Église protestante réformée de Ballimena, en Irlande du Nord, au Royaume-Uni.

www.ressourceschretiennes.com

2022. Utilisé avec permission. Cet article est sous licence Creative Commons. Paternité – Partage dans les mêmes conditions 4.0 International (CC BY-SA 4.0)